# ፳ ሰንበት ዘአስተምህሮ (ዘቅድስት)
## (16 ኅዳር 2016 ዓ.ም. (11/26/2023)

**መዝሙር፡** ሎቱ ስብሓት ወሎቱ አኮቴት... ነቲ ንሰንበት ዝቀደሰ ንሱ ዘይነበረሉ ጊዜ አይነበረን ወዲ አምላኽ ክርስቶስ ንሱ ዘይነበሮ ጊዜ አይነበረን ንእኡ ክብሪ ይግብኦ። ንሰብ ብአርአያኡ ፈጠሮ ኩሉ አብ ኢዱ እዩ፥ ንሰማይን ምድርን ይገዝእ፥ ከም ዝደልዮ ገበረ አምላኽ ወዲ እግዚአብሔር።

**ንባባት:** ቆላ 1፡12-ፍ፤ 1ጴጥ 1፡13-21፥ ግ.ሓ.19፡21-ፍ፥ ዮሓ 5፡16-28

**ምስባክ፡** ኩሉ ዘፈቀደ ገብረ እግዚአብሔር፥ በሰማይኒ ወበምድርኒ፥ በባህርኒ ወበኩሉ ቀላያት። እግዚአብሔር ኩሉ ዝደለዮ አብ ሰማይን ምድርን አብ ባሕርን አብ ኩሉ ቀላያትን ገበረ መዝ. 135፡6።

ተፈጥሮ ብምልኡ አብ ትሓቲ አምላኽ እዩ፥ ፍጡር በቲ ዘልኦ ንአምላኽ ከመስግን እዩ ተፈጢሩ። ልዕሊ ኹሉ ፍጡር ሰብ ብአርአያን አምሳልን እግዚአብሔር ስለ ዝተፈጥረ ዝያዳ ክብሪ አልኦ፥ ብመጠኑ ኸኣ ሰብ ንአምላኽ አብ ኩሉ ክምስክሮ ምስኡ ቀጻሊ ርክብ ክገብር ይግብኦ። አምላኽና ፈታር አምላኽ እዩ። ፍቕሩ በቲ ሓደ ወዱ ገሊጹልና እዩ።
አብዚ ምድራዊ ሕይወት ወከልቲ አምላኽ ስለ ዝኾና ሕግን ድለት አምላኽ መምርሒና ገርና ክንጉዓዝ እሞ ዓለምና ናይ አምላኽ ኮይና ክትርከብ ናይ ኩልና መዝነት እዩ። እዛ እንነብረላ ዓለም እምብአር ናይ አምላኽ ክትከውን ናታትና ተራ የድሊ። ከምቲ አምላኽ ክፈጥር እንከሎ ዝሃበና ኩልና ብሓደ ክንጥቀመላ ኩልና አብ ቅድሚ አምላኽ ሓደ ምዃና ፈሊጥና ንኽማና ዝበለ ሰብ ግቡኡ ከይነግድለሉ ክንጥንቀቕ ሓላፍነትና እዩ። ሰብ አምላኽ ዋንኡ ምዃኑ ምስ ዘንግዔ ንኹሉ ይቕይሮ እሞ ዓለሙ ሕሰም፥ ስእነት ሰላም፥ ጭካኔ፥ ዝበዝሓ ትኸውን። በዚ ሰንበት እምብአር አምላኽ ዋናና ገርና ሕይወትና ክንመርሕ ንዕደም አሎና።
ወንጌል ንሎሚ ዝተነበ ካብ ዮሓንስ እዩ። ቅድሚ እዚ ዝተነበ ምዕራፍ ዘሎ እንተ ረኤና ኢየሱስ አብ ሓደ ዓላማ ዝተኮረ ክልተ ተአምራት ከምዝገበረ ንርኢ። ክልቲኡ ቃል ኢየሱስ ሕይወት ዝህብ ምዃኑ ይገልጽ። አብ 4፡50 ዘሎ ኪድ ወድኻ ሓውዩልካ እዩ እናበለ ንሓደ ወዲ ሹም አሕውዩ። አብ 5፡8 ተንስእ እሞ ዓራትካ አልዒልካ ኪድ እናበለ ነቲ ንሰላሳን ሾመንተን ዓመት ሓሚሙ ዝነበረ ብቓሉ አሕውይዎ። ነዚ መሰረት አንጺፉ ዕሞቕ ምስጢር ናይ እቲ ዝገበሮ ነጊርዎም። አብቲ ዘስተምሃሮ እንተ ረኤና ብገርሂ ክንርድኦ ንኽእል። አቦ ንሙታት ከም ዘትንሥኦም ሕያዋን እውን ከም ዝገብሮም ወልድ ድማ ኽምኡ ነቶም ዝደልዮም ሕያዋን ይገብሮም (ጉልቅ 21) አብዚ ኢየሱስ መን ምዃኑን ምስ ሰማያዊ አብኡ ዘልኦ ርክብ ክገልጽ ኢሉ ነዚ ተዛሪብዎም። አብ ጉልቅ 24 ዘሎ ኸኣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ እቲ ንቓለይ ዝሰምዕ በቲ ዝልአኸኒ እውን ዝአምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት አላቶ፥ ንሱ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይሳገር እምበር ናብ ፍርዲ አይክበጽሕን እዩ ንቓል ክርስቶስ ክንሰምዕ ከሎና፡ ንሰማያዊ አቦና ክንአምን እንከሎና አባና ሕይወት አሎ ማለት ኃጢአትን ፍረ ኃጢአትን አይርከበናን እዩ።
ንቓል ክርስቶስ ሰሚዕና ሕይወትና ብቅድስና ክንመርሕ ፍቓደኛታት ክንከውን ሎሚ ንሕተት አሎና። አምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ገሩ አብ መገዱ ክንጸንዕ ምልክት ይህበና። ንአምላኽ ዝህቦ ምልክት ክንርዳእ ጽን ክንብል ጊዜ ወሲድና ጣዕሚ ፍቕሪ አምላኽ ክነስተውዕል ይግብአና። አምላኽ ሎሚ ከም ቀደም ብቓሉ ብቤተ ክርስትያኑ ከምኡ ብዝተፈላለየ ናይ እዋና ምልክት ገሩ ይዛረብ አሎ። ክንሰምዕ ክነስተውዕል ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነት እዩ።

ሙታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዝሰምዑላ ሰዓት ቀሪባላ ዝብል ሓሳብ ኩሎም ካብ መገዲ ኣምላኽ ዝርሓቑ ብመንፈስ መይቶም እዮም እንተኾነ እግዚኣብሔር ብብዙሕ መገዲ ገሩ ዝምለሱሉ ምኽንያት የቕርበሎም። ሰንበት ሓንቲ ካብቲ ብዙሳ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ እትሕግዘና ቅድስቲ ዕለት እያ። ብመዓልቲ ሰንበት ክንሳሕ እሞ ቅዳሴ ሰሚዕና ካብ ሥጋኡን ደሙን ክንቅበል እምነታዊ ግድነትና እዩ።
ኣብዚ ወንጌል እምብኣር ናይ ኢየሱስ ኣምላኽነትን ናይ ኣምላኽ ሓድነት ክገልጽ ዝዓለመ ኮይኑ ደቂ ሰብ ከኣኒ ነዚ ብኢየሱስ ዝተገልጸ ኣሚና ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ዝጽውዓና ቃል እዩ። ኢየሱስ ኣግሂዱ ንሱ መን ምዃኑ ነጊርዎም፥ ኣምላኽነቱ ገሊጽሎም፥ ኣብ ሕይወትና ንኢየሱስ ዝዓበየ ቦታ ሂብና ንቅድስና ዝዕድም ሕይወት ሒዝና ክነብር ይግብኣና።
ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆላስያስ ዝጸሓፉ መልእኽቲ ኣርባዕተ ምዕራፍ ዝሓዘት እያ። ትሕዝቶኣ ጳውሎስ ኣብ ኤፈሶን ኮይኑ ዝጸሓፋ እያ፥ እዛ ቤተ ክርስትያን እዚኣ ብሰብከት ጳውሎስ ዝቖመት ኣይነበረትን እንተ ኾነ ጳውሎስ ወሪኣምን ዝነበሮም ጸገማትን ሰሚዑ ጽሒፍሎም። ገለ ሰባት ግጉይ ትምህርትን ንስርዓት ኣይሁድ ከም ቀንዲ ገሮም የጸግምዎም ስለ ዝነበሩ ንሓቂ ከስተምህር ኢሉ ከምኡ ኣብ እምነቶም ክጸንዑ ኢሉ ጽሒፍሎም። ኩሉ እምነት ኣብ ክርስቶስ ክምስረት ንሱ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ምንጪ ናይ ኩሉ እዩ ስለዚ ካልእ ብዘይካኡ የለን ዝብል ትምህርቲ ኣትሪሩ ይገልጽ።
ኣብ ታሪኽ ድቂ ሰብ ካብ ኣምላኽን ሕግታቱን ዘውጽኡ፥ ተግባራት፥ ኩነታት ዝፈጥሩ በብእዋኑ ኣለዉ። ንገርሄኛታት ካብ ኣምላኽ ዘርሕቕዎም እሞ ኣብቲ ግጉይ እምነትን ሓቂ ዘይብሉ ከም ዝነብሩ ዝገብሩ ኣብዚ እዋና እውን ኣይተሳእኑን። ንሓቂ ደፊኖም ንጸልማት ከም ብርሃን ንሞት ከም ሕይወት ገሮም ንሰብ ልቡን ቀልቡን ኣደንዚዞም ካብ ኣምላኽን ካብ ሰብን ዘርሕቑ ናይ እዋና ነብያት ኮይኖም ዝስምዖም ብዙሓት እዮም። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ዓይነት መንፈስ ዝዝርግሑ ኣብ መንጎ ሰብ ቆላሳስያ ከም ዘለዉ ሰሚዑ ብድፍረት ነቲ ሓቀኛ እምነት ምሂሩ። ሎሚ ድሕሪ ክልተ ሽሕ ዓመት ከምዚ ዝኣመሰለ ትምህርቲ ከይጋገየና ኣፍልጦ እምነትና ክህልወና ከምኡ ንሓቂ ሓዲግና ከይንኹብልል ቤተ ክርስትያን ክንሰምዓ ትላብወና ኣላ።
እዚኣ መልእኽቲ ቆላስያስ ናይ ምስጋና መልእኽቲ እያ ነቲ ኩሉ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበረልና ኣምላኽ ኣመስጊና ክንክእል ትምዕደና። ብኹሉ መንፈሳዊ ጥበብን ርድኢትን ፍቓድ ኣምላኽን እንታይ ከም ዝኾነ እትግንዘቡሉ ምሉእ ፍልጠትን ምእንቲ ክህልወኩም እናለመና ብዛዕባኹም ካብ ምጽላይ ኣቋሪጽና ኣይንፈልጥን . . . . ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓበኹም ንእኡ ዚበቅዕ ሕይወት እናነበርኩም ንኅይታ ብኹሉ ምእንቲ ክተሓጉስዎ ንጽሊ ኣሎና (ቆላ 1፡9-10) ይብል። ሓደ ኣማናይ ክርስቶስ መለልይኡ ንድላይ ኣምላኽ ርእዩን ፈሊጡን ክነብር እዩ። ነዚ ከገንዝብ ኢሉ ጳውሎስ ኣብ ነነድሕድና ብጸሎት ክንዘኻኸር ይምዕደና። ንድላይ ኣምላኽ ክነብሮ ክንርድኦ እንከሎና ናይ ብሓቂ ቅሳነት ሰላም ምርድዳእ የውርደልና።
ንሓዲስ ሕይወት ብክርስቶስ ዝተገብረልና ክንርዳእ ኢሉ ቀደም ካብ ኣምላኽ ዝርሓቕኩም ብሓሳብ ኩምን ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቱ ነበርኩም፥ ንሱ ግና ኣበርን ነቐፋን ዘይብሎም ቅዱሳን ገሩ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ከቁመኩም ብሞት ሥጋዊ ሰብነት ወዱ ገይሩ ዓረቐኩም እናበለ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ይገልጸልና። ክርስትያን መንነቱ ክፈልጥ ንኣምላኽ ኣብ ሕይወቱ ቀዳምነት ሂቡ ክነብር ንቅድስና ክለብሶ እዩ። ዘይናትካ ኮንካ ምንባር ንርክስትያን ክሳራ እዩ። ኣብዚ ሕይወት ጣዕሚ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝኀደሎ ክንመርሕ እንከሎና ንልብና ጸልማት ይጉልብቦ ሽዑ ባህሪ እንስሳ ወይ ዘይመፍቀር ኣምላኽ ለቢስና ንርእስና ተሃዊኽና ንኻልኦት ክንህውኽ ንነብር።
እምነትና ክንፈልጦ ክንምሃሮ ይግብኣና። ኩሉ ኣብ ክርስቶስ ዝኣምን ሰብ ንሓቂ ሒዙ ክጉዓዝ ኣፍልጦ እምነት ክህልዎ፥ ንእምነት ክፈልጥ ክምሃር ከንብብ ክሰምዕ ይግብኦ። ቤተ ክርስትያን ኣፍልጦና ክዓቢ በብእዋኑ መግለጽን ትምህርትን ትህበና። ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ፥ ጉባኤ

ቫቲካን ዝአወጀ ክነንብብን ክንርዳእን፥ ንሓዲስ ትምህርቲ ክርስቶስ፥ ብምልኡ ክነንብቦ ክንርድኦን ንሕተት አሎና። ግላውን ሓባራውን ጸሎታት፥ አስተምህሮታት ከምኡ ጉባኤታት ክንሳተፍ ሓደራ ትብለና አላ። እምነትና ክነብሮ ክንሰብኮ እንተ ኸአላና መንፈስ አምላኽ ንዓለምና ክወርዳ እዩ። ክንሕደስ ክንቅየር አብ ልብና አቲና ንኽአል።

ካልአይቲ ንባብና ካብ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ጴጥሮስ እያ፥ ብዛዕባ ናይ እምነት መልሲ ይነግረና። አብ እምነት ምምላስ ምንሳሕ ጥራሕ እኹል አይኮነን ክንምልስ ክንክእል አሎና። እቶም ዝተመልሱ ንእምነቶም ብሓቂ ክነብርዎ ይግብኦም ሓቛቑ ልብኹም ተዓጠቑ ከምኡውን ተጠንቀቑ፥ ተስፋኹም ከአ ብምሉኡ አብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ እትረኽብዎ ጸጋ ይኹን፥ ከም እዙዛት ውሉድ እምበር ከምቲ ቐደም ደናቑር ከሎኹም እትገብርዎ ዝነበርኩም ክፉእ አይትመነዩ (1፡13-14) ይብል። ብኻልእ አዘራርባ ከም አምላኽ ክኾኑ እዩ ዝነግር ዘሎ። አነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ (1፡16)። እምነት መጠን ዝዓበየሉ መጠኑ አብ አምላኽ ክኸውን አለዎ።

አብዚ ዘመን ግሽነትኩም ብፍርሃት ንበሩ እናበለ መጀመርያ እዚ እንነብሮ ዓለም ከም መገሻ ዝውዳእ ሓላፊ ምኺኑ ፈሊጥና ክነብር፥ ከምኡ ኩሉ ጊዜ ድኹማት ስለ ዝኾና ስኩፋት ክንከውን ንአምላኽ ርኢና ክንክእል እሞ ጉዕዞ ሕይወትና ብቅድስና ክንመርሕ። ቅድስና ሓለዋ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ድላይካ እናገበርካ ዝርከብ ጉዳይ አይኮነን። ርእስና መሊኽና ነቲ እንስሳዊ ባህርና አቢና ነቲ አብ ቅድስና ዝወስደና አብ ገለ እዋን አንጻር ድለትናን ርድኢትናን ዝኾነ መገዲ ክንመርጽ ዝግድደና እዩ። ቅድስና ምርጫ አይኮነን ትእዛዝ እዩ። ናታትና ተራ ምቕባል እዩ፥ ናይ እዚ ኩሉ አብ አምላኽ ተስፋ ገርና ክንጉዓዝ እንከሎና እዩ።

ዋጋ ድኅነትና ርኢና ክንክእል እንከሎና ንጉዕዞ ቅድስና ሒዝናዮ አሎና ማለት እዩ። ብኽቡር ደም ክርስቶስ ኢኹም ዝድኃንኩም እምበር ብጠፋኢ ነገር ብብሩር ወይ ብወርቂ ኸም ዘይኮነ ትፈልጡ ኢኹም እናበለ ጴጥሮስ ዝጸሓፉ ሎሚ ንአና እውን ዋጋ ድኅነትና ርኢና ክንክእል። ንአምላኽ ዝገበረልና ጸጋ በብእዋኑ ክንርኢ እሞ ናቱ ኮና ብምሉእ ክርስትያናዊ ሓላፍነት ክነብር። ከም እዙዛት ውሉድ እምበር ከምቲ ቀደም ደናቑር ከሎኹም እትነብርዎ ዝነበርኩም ክፉእ አይትመነዩ (1፡14) ንዝሓለፈ ኃጢአትና ኃዲግና ሓዲስ ምዕራፍ ጉዕዞ ሕይወት ክንጅምር ይምዕደና። ንዓመታት እትጉዓዞ ዝነበርካ ክትሓድግ ቀሊል አይኮነን። አረጊት ድለታትና ተግባራትና ጸጸኒሖም አብኦም ክንምለስ እሞ ግዙአት ኃጢአት ኮና ክነብር እዮም ዝደልዩና። ግን ሎሚ ዝድለ ዘሎ ብንስሓ ሕይወትና ቀይርና ክንርከብ እሞ ንዝሓለፈ ከይንምለሶ ቍርጺ ፍቓድ ገርና ንቅድሚት ንጉዕዞ ቅድስና ክንምርሽ ንሕተት አሎና።

አብ አምላኽ ክንምለስ እንከሎና አብ ሓዳስ ቤተ ክርስትያን አብ ሓድሳ ስድራ ኢና እንጽንበር። ተባሪርና ክነብር ናይ አምላኽ ድለት አይኮነን። አብ ቤትና ተመሊስና መንፈስ ደቂ ቤት ክህልወና ድላይ አምላኽ እዩ።

በዚ ብሩኽ ሰንበት እምብአር ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታን ዘሎና ርክብ ርኢና ክንክእል እሞ አብቲ ንሱ ዝደልዮ ክንርከብ፥ ንዝወደቕናዮ ክንስሓሉ ሓዲስ መንፈስን ሕይወትን ለቢስና ቅዱሳን ክንከውን፥ እምነትና ክነብሮ ክንሕድሶ ድላይ አምላኽ ምኺኑ ፈሊጥና ብእምነት ክንዓቢ ኦ ጎይታና እምነት ወስኸና ኢልና ክንልምኖ እሞ ንቅድስና ንሰላም ንንስሓ ናትና ኢልና ሒዝና ክነብር መብጽዓና እነሕድሰሉ ሰንበት ምኺኑ ፈሊጥና ዕርቂ ምስ አምላኽ ዕርቂ ምስ ከማና ሰብ ክንገብር ንሕተት አሎና።

ኦ ማርያም አደና ጣዕምን ቅድስናን ካባኺ ተማሂርና እሙናት አርድእቲ ወድኺ ክንከውን ለምንልና ጸልይልና ንበላ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ